# መሰረት ሃገር: ዓዲ

(ራብዓይ ክፋል) ደቀባት ኮም 14.07.2006

ሓማሴን ሎሚጭዋ ብሓበራ።ድንበዛን ካርነሽም ምስ ሰሜናዊ ባሕራ።
ደቀ-ተሽም ሚናበ-ዘርኣይ ምስ ላዕላይን ታሕታይን ዓንሰባ፡
ስሓርቲ ምስ ዶቡባዊ ባሕራ ምስ ከባቢ ኣስመራ።
ሰላም ሰላም ኵሉኹም በሓበራ።

ኣከለጉዛይ ሃዘሞ ፍርያም ጐልጐል ዓላ።ደቀ-ምሓረ ሰገነይቲ
ዓዲ-ቀይሕ ኣብ ማእከላ። ቍሓይቶ መጠራ ሰንዓፈ እንባ-ሶይራ።
ሰላም ሰላም ኵሉኹም በሓበራ።

ሰኒሒት ለመጨሊ ዓንሰባ ከረን ዝማእከላ።መንሳዕ ቤት-ኣብርሀ
ቤት-ሻሕቀን ምስ ምሕላባ ገለባ፡ ረብቶ ሽዕብ ሰለባ ምስ ኢራ።
ሰላም ሰላም ኵሉኹም በሓበራ።

ጽልማ ሰራየ ለምለም መንደፈራ፡ መራጉዝ ማይጫዕዳ ጕንደት
ዓዲ-ኳላ።ኣናደር ዝባን ደብሪ ቍሓይን ምስ ዑቦላ።ዓረዛ ማይ-ዱማ
ምድሪ ወግሰራ፡ ደንበላስ ላዕላይ ታሕታይ ምስ ቆላ።
ሰላም ሰላም ኵሉኹም በሓበራ።

ሓደ መልክዕና ሓደ ከኣ ባህልና፡ ክሳብ መዓስዮም ጓኖትክፈላልዩና።
ኣሓትን ኣሕዋትን እኮ ኢና የብልናንውን ጓና። እስከ ሎምስ ንፋቸር
ደቂ ሓደዓዲ፡ ደቂ ሓደ ባህሊ ደቂ ርስቲ  ደቂ ሕጊ ዝኾና፡ እስከ ሎምስ
ጸላእትና ነለልዮም ኢና።

እቲ ኣውራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ሎሚ ወዲቑዎ ዘሎ መንገዲ ጥፍኣት፡ ኣብጺሑዎ ዘሎ መኽንያት፡ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ብንግሆኡ፡ ንህዝቢ ዘርብሕን፡ ንልዑላውነት ሃገር ዝዕቅብን፡ ቅኑዕ ስትራተጂ ሓንጺጾም፡ ንህዝቢ ዘቃልሱዎ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዘይውዕል ፍሹል ስትራተጂ ሒዞም ስለዝተበገሱ እዩ። ማለት ንራእዩን ሸውሃትን ህዝቢ፡ ከተግብር ዘይክእል፡ ብጓኖት ትሓንጺጹ ዝተዋህቦም ስዉር እስትራተጂ ፍሽለት ሒዞም፡ “ዋላ እንተነፈረት በጊዕ'ያ“ እናበሉ፡ ስለዝተጓዕዙ እዮም። እቲ ካብ ኵሉ ዘሕፍር ከኣ፡ ነዚ ፍሽለትዚ ብእዋኑ ተረዲኦም፡ ኣዎንታዊን ኣሉታዊን ሸነኻቱ መዚኖም፡ ኣብ ህዝቢ ኣቕሪቦም፡ ኣብ ክንዲ ብሓድሽን ሓቀኛን ስትራተጂ ተኪኦም፡ ንህዝቢ ዝመርሑዎን፡ ሞራሉን ኒሑን ዝሓድሱዎን፡ ክሳብ ሎሚ ነቲ ፍሹል ስትራተጂ፡ ኣስናኖም ክሳብ ዝጕህምም ነኺሶም ብምጽንሖም'ዩ።

እቲ ቀደም፡ መራሕቲ ሻዕብያ ይኹኑ መራሕቲ ጀብሃ፡ ንድልየት ህዝቢ እናመዝመዙ፡ “ነጻነት ክትረክብ ኢኻ“ ዝብል “ጸማም ሓደ ደርፉ“ ሜላ ጥራይ ከምስትራተጂ ሒዞም ከታልልዎ ጸኒሖምዮም። ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል እቲ ቅድሚ 20 ዓመታት ህ.ግ.ሓ.ኤ (ሻዕብያ) እናተባህለ፡ ንሜዳ ኤርትራ ብሒቱ ዝነበረ፡ ሎሚ ግን መንግስቲ ኣኺሉ ዘሎ፡ ብዶብ ሃገርን ልዑላውነት ሃገርን ከመሳምስ ከሎ፡ እቶም መራሕቲ ጀብሃ ነበርን ሕጂውን መራሕቲና ዝብሉን ተረፍመረፍ ጀብሃ፡ መንግስቲ ህግዲፍ ዝፍጽሞም ዘሎ ግፍዕታት ጥራይ እንዳጸባጸቡ፡ ንህዝቢ ከምዘይቃለስን ተስፋ ከምዝቖርጽን እናገበሩ ጸኒሖም። እቲ ካብ ኵሉ ዘሕዝን ግን፡ እቲ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዝኾነ መንገዲ ዓወት ጠፊኡዎም ማለት ኣይኮነን።፡ እንታይ ድኣ ቃልሲ ክጅምሩ ከለው ኣትሒዞም፡ ንረብሓ ህዝቦም ዘይኮነስ ንረብሓ ጓኖት ዝውዕል ስትራተጅን ራእዩን፡ ተጠሊያም ስለዝተሰማምዑ እዩ። እቶም ገስገስቲ ኢና ዝብሉ ውድባት እንተኾኑውን፡ እዚ'ዩ እቲ ቅኑዕን መተካእታን ዘይብሉን ስትራተጂ ዓዲ“ ኢሎም፡ ንህዝቢ ብግቡእ ከረድኡን ንርእሶም ክቃለሱን ንህዝቢ ከቃልሱን ኣይከኣሉን። ብሕልፊኣድኣ ጸረ'ቲ “መንግስቲ ኤርትራ እየ፡ ነጻነት ተቓሊሰ ኣምጺኤ እየ፡“ እናበለ ኣብ ኮረሻ ጥፍኣት ተወጢሑ፡ ንኤርትራ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ቀይሩ፡ ንዓድታት ኣብ ዞባታት ለዊጡ፡ ንልዑላውነት ሃገር ኣብ ጠልጠል ኣእትዩ፡ ንመንእሰይ ወለዶ እናኣጽነተን፡ ሃገር ብሒቱ ነመንገዲ ጥፍኣት ዘጋልብ ዘሎ፡ ብኣይተ ኢሳያስ ዝምራሕ መንግስቲ ህግዲፍ እናርኣዩ፡ ሰሚሮም፡ ብትብዓት መፍትሒ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ዘምጽኡ፡ ካብቲ መንግስቲ ህግዲፍ ከፊኦሞ ምህላዎምዩ። ንሱ ከኣ „ካብ ክፉእ ዝገብሩኻስ ክፉእ ዘልምዱኻ“ ኮይኖም፡ ንህዝቢ ከምዘይቃለስ ይቃለስዎ ምህላዎም'ዩ። እቲ ኣውራ ቃልሶም ኮይኑ ዘሎ ከኣ፡ ተግባራት መንግስቲ ህግዲፍ እናጸባጸቡ ጥራይ፡ „እሲያስ ክሳብ ባዕሉ ዝመውት ኣማዕድና ንርአ“ ብማለት፡ መተካእታ እሲያስ ንኽኾኑ ምጽባዮም፥ዩ። እዚ ከኣ ንኽትሰምዖ ዘሕፍር ሕማቕ ታሪኽ እዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ወሪዶሞ ዘለው ሽግራት፡ ቀንዲ ጠንቂ እተን ውድባት ጥራይ እየን። ኣብ ክንዲ ብመንነቱን ብመለለዪኡን ብዓዱ፡ ኣሚኑን ተኣማሚኑ ዝቃለስ፡ ነተን ውድባት ኣሚኑ ክጕዓዝ ስለዝጸንሐ'ዩ፡ ኣብ ሓዲግ መዲግ ወዲቑ ዘሎ። ቅኑዕ መሪሕ ከኣ ብቐደሙ ካብ ማእከል ህዝቢ ጥራይ እዩ ዝበቍል'ምበር ዱብ ኢሉ ካብ ሰማይ ኣወርድን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብሕጊ እንዳብኡን፡ ብዓዳዊ ትካሉን ጥራሕ'ዩ እናተመርሐ፡ ክሳብ ውድባት ዝፍጠራ ጸኒሑ። ሕጂውን ውድባትን ህግዲፍን እንተሓቂቖም ጥራ'ዩ፡ ቀሲኑ ከምቀደሙ ካብ ማእከሉ፡ንልዑላውነት ሃገርን ንድሕነት ህዝብን ዝሓልዩ፡ መራሕቲ ከናድን ክሓርን ዝኽእል። ሽዑ ጥራይ ከኣ'ዩ ክሓልፈሉ ዝኽእል።

ብሓጺሩ ቅኑዕ ስትራተጂ ክሳብ ዘይሃለወ፡ ቅኑዕ መሪሕ ክጥረ ኣይክእልን'ዩ።ባህርያዊን መኀታዊን ከኣ ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ፡ ሓደ ህዝቢ፡ ሽውሃትን ሕልምን ሒዙ ጥራይ ብስምዒት እንተተቓለሰ፡ ትዓዊቱን ቅኑዕ መርሕ ረኺቡን ክብሃል ኣይክኣልን'ዩ። ከምኡ ኣንተኮኡ ግን ከምዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ዝርአ ዘሎ፡ እቲ ዓወት ዋሕስነት ዘይብሉ ይኸውን ማለት'ዩ። ከምኡ ሓቂ ኮይኑ እንተዝነብር ነይሩ ግን፡ እዚ ሕጂ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ በብዓይነቱ ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ፡ ብምዕዛብ ጥራይ እኹል ኣብነት ክኾነና ይኻል'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ፡ እንሆ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ መሪር ን40 ዓመታት ኮለል፡ ኣብዚ እዋንዚ ትርጕም ነጻነት ጠፊኡዎ፡ ብኣንጻሩ ግን ናይታ ተቓሊሱን ተኣዲቑን ዘምጽኣ "ነጻነት" እትብሃል ባርያ ኮይኑ ኣሎ። እምብኣር ግጉይ ስትራተጂ ሒዙ ዝነቐለ ሰውራ፡ ከምዚ ሎሚ ዝርአ ዘሎ ዘሕፍር ፍረ-ባርነት ጥራይዩ ክሃፍስ ዝኽእል።

ካብቲ ኵሉ ሰብ ፈሊጡዎ ዘሎ እከይ ሜላታት መንግስቲ ህግዲፍ፡ ኣስከ ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ፍጻሜታት፡ ዳርጋ ከምቲ ብማንካ ካብ ውቅያኖስ ፍንጭል ኣቢልና ጥራይ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ከነቕርቦ ክንፍትን ኢና።

1.) ህዝቢ ኤርትራ ቅኑዕ ስትራተጂ ሒዙ እንተተበጊሱን፡ ብዛዕባ ጕዳዩ ብግቡእ እንተድኣ ፈሊጡን፡ ንመሰሉን ክብሩን መንነቱን ልዕላውነቱን፡ ብትብዓት ክከላኸልን ክጣበቕን፡ ታሪኽ ከመዝግብ ስለዝኽእል፡ ብስምዒትን ብምፍልላይን ብስለላን ተጠቒሞም፡ ከምዘይመራመርን ከምዘይሓስብን ገይሮም፡ ህግዲፍ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ ዘሪያሞ ኣለው።

2.) ህግዲፍ ፕሮጀክት እከይ ብምሕንጻጽ፡ መንእሰያት ገና ዓቕሚ ኣዳም ክበጽሑ ከለው፡ ትምህርቲ ቀሲሞም ኣብ ምዕባሌን ተክኖሎጂን ተዋፊሮም፡ ንሃገሮም ኣፍረይቲ መታን ከይኮኑ፡ ብጕልባብ "ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ምክልኻል ሃገርን (ወፍሪ ዋርሳይ እከኣሎ)፡ ዝብል ርኹስ ሜላ ምሂዞም፡ ብቐስብ ገፊፎም፡ ዘርምዘርሞ ከምዝተርፉ ይገብሩ ኣሎው። እቲ ቀንዲ ስዉር ሜላ ከኣ፡ ኣብ ዓዓዶም ኣንተድኣ ተቐሚጦም፡ ነቲ መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝፍጽሞ ዘሎ ፍሹል ስትራተጂ፡ ከለልዩዎ ስለዝኽእሉ፡ ብንቕሓት መታን ከይቃወሙዎን፡ ነቲ መንግስቲ ኣብታ ስልጣኑ መታን ከይጻብእዎን፡ ተባሂሉ ዝተኣልመ ማኣለማ'ዩ።

3.) ምሁራትን ሰብ-ሞያን፡ ገዳይም ሓርበኛታት ተጋደልትን ደቂ ሃገር፡ ደፋር ተቓውሞ ብምርኣይ ንፍትሕን ንመሰልን ሃገር ስለ ዝሓተቱ፡ "ብብልሽውና" ኣሳቢቦም፡ "ዲስፕሊናዊ" ስጕምቲ ብምውሳድ ተቐንጺሎም። ብዙሓት ዝተኣስሩውን ክሳብ ሕጂ ኣበይ ከምዘለው ኣይተፈልጡን።

4.) ነቶም ዝተረፉ እክኣሎን ዋርሳይን ከኣ፡ ብስለላ ብርቱዕ ራዕዲ ገርካ ምድሃልን፡ ብምድስካልን ምጽልጻልን፡ ፍናን ሃገራዊ ቃልሶም ከምዝቐህም ምግባርን መዓልታዊ መደብ ተወሲዱሎ። ነቶም ካብኣቶም ዝተረፉ ደቂ ሃገር ከኣ፡ ከምዝሓስሞምን ዝሽፍኦምን ገይሮም፡ "ኣብ ሃገርና ካብ ዝሽፍኣና፡ በሉ ንዑናይ ኣብ ዝሕሸና" ኢሎም፡ ሃገሮም ገዲፎም ግዳይ ፈቐዶ ምድረ-በዳን ኣጻምን፡ ቀለብ ዓሳታት ማእከላይ ባሕር ከምዝኾኑ ብመደብ ይግበር ኣሎ።

5.) ነቶም ኣብ ስደት ዝነብሩ ደቂ ሃገር ክኣ፡ "ገንዘብኩም (Matterial Resource) ኣንበር ጕልበትኩም ኣየድልየናን እዩ፡ ሰብኣዊ ምንጪ (Human Ressource) እንተኾነውን፡ ካብ ህንድን ፓኪስታንን ከነምጽእ'ና። ገና ኣብ ምክልኻል ሃገር ስለዘሎና፡ ኤርትራዊ ስደተኛ ንሃገሩ ክምለስ ኣይንፈቅድን'ና። ንመዓስከር ሳዋ ከይዱ ግብኡ ክፍጽም ዝደሊ ግን ኣይንቃወሞን'ና"። ብዝብል እከይ ፖሊሲ ተጠቒሞም፡ ነቶም ደቂ ርስትን ደኢ ዓድን ንሃገሮም ኣማዕድዮም ከምዝርእዩዋን፡ ኣኽ እናበሉ ኣብ ዓዲ ጓና ከምዝነብሩን ብመደብ ገይሮሞም ኣለው።

6.) ነቲ ወዲ ርስትን ወዲ ዓዲን ከኣ፡ ከይሓፈሩ ርስቱን ንዋዩን እናመንዘዑ፡ “ዶብ ምስተሓንጸጸ ክርህወካ'ዩ፡ ቅድም ሃገር ክትድሕን ኣለዋ፡ ውላድካን ነብስኻን ጥራሕ ሃበና“፡ ዝብል ኣዝዩ መታለሊ ዝኾነ “ተስፋታት“ እናኣቕረቡሉ፡ ኣሸንኳይዶ ብጉዳይ ዶብ ሃገር ክሓስብስ፡ እታ ዝነብረላ ዘሎ ዓዱን፡ ነብሱን ስድራቤቱን ከይተረፈ ከምዝርስዕ ኮይኑ መሃነኑ ኣጥፊኦምሉ ኣለው።

7.) እቲ ካብ ኵሉ ዘገርም ከኣ፡ ኣብዚ እዋንዚ ዝፍጸም ዘሎ ሓዲሽ <u>መደብ-ዕዮ ቅንጸላ መንግስቲ ህግዲፍ</u>'ዩ። ንሱ ከኣ፡ ካብተን ብዙሓት ሓንቲ፡ ኣብዚ ቀቅድሚ መዓልቲ ነጻነት 2006 ዓ.ም ብዙሓት ዕሉማትን ኤርትራውያን ኮማንዶ ዝተፈጸመት <u>ሓዳስ ግብረ ሽበራ</u> እያ። እዞም ተቐንጺሎም ዝብሃሉ ዘለው ኮማንዶ ደቂ ሃገር፡ እቲ ብዶብ ኣሳቢብካ ኵናት ሕጂ መድረኹ ስለዝሓለፈ፡ ኵናት ክገብሩ ኣይክእሉን ስለዝኾኑ፡ ብኻልእ እከይ ሜላ ተጠቒምካ ምጽናቶም እዩ መራሕቲ ህግዲፍ ተመሪጹ ዘሎ። ንኣብነት “መግዛእቲ ህግዲፍ መሪሩ፡ ግፋ በዚሑ፡ ካልእስ ይትረፍ፡ ንሕናውን ንዕረፍቲ ንስድራ-ቤትና ክንበጽሕ ኣብ ንኽደሉ እዋን፡ ብተደጋጋሚ ብመንነቶም ዘይፍለጡ ዓፋኝ ንግፈፍ ኣሎና። ፍትሒ ጠፊኡ“፡ ንዝበሉ ኣባላት ሰራዊት፡ ከምቲ ንኣካለ-ስንኩላት ኣብ ማይሓባር ክቕሽምዶም ድሕር ዘይበለ፡ ነዚኦም መንእሰያት እዚኦም ከኣ፡ ብቦንብን ዓረርን ኮነ ኢሉ መንቅሱዎም ከብቅዕ፡ “ኣብ ታዕሊም ብረት ተባርቑዎም'ዮም ተሰዊኦም“፡ ብዝብል <u>ሓሶት መርድእ</u> ንወለዶም ኣርዲኡዎም። እቲ ሓቂን ካብ ማእከል ኣስመራ፡ ዝተሓበረ ሓበሬታ ግን፡ “ከምቲ ኣብ ህግዲፍ ልሙድ ዝኾነ መስርሕ፡ ነቲ መንግስቲ ክቃወሙ ይሓልሙ ኣሎው ተባሂሎም እዮም ተቐንጺሎም“፡ እዩ ዝብሃል ዘሎ። ኣስዒቦም ክሕብሩ ከለው እቶም ውሃብቲ ሓበሬታ፡ “እዞም ካብ ሓደ ሚእቲ ንላዕሊ ዝቑጽሮም ተቐንጺሎም ዘለው መንእሰያት እዚኣቶም፡ ልምምድ ኵናት ክትገብሩኹም ኢሎም ወሲዶም፡ እንዳተዓለሙ እንከለው'ዮም፡ ብድንገት ብሀሊኮብተር ዝትኮስ ከቢድ ብረት ተኹሶም መንቀሶሞም። ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ዝተፈጸመ ቅትለት ግን፡ ድሕሪ 3 ወርሒ ንገለ 50 ዝኾኑ ስድራቤታት ኣብ ኣስመራ ኣርዲኦሞም“: እቶም ኣብ “ሃገረሰብ ዘለው ወለዶም ግን፡ ከምቲ ልሙድ ተሓቢኡዎም ኣሎ፡ ጸኒሖም ግን ኮብሊሎምዮም ደቅኹም ክብሃሉ'ዮም። እዚ ቅትለት'ዚ ግን ቅድሚ ክልተ ወርሒ ብትሒም ትሒም ኣብ ኣስመራ ክስማዕ ወሪሑዩ“ ይብሉ እቶም ውሃብቲ ሓበሬታ። ቀጺሎም ክሕብሩ እንከለው፡ “ሎሚ ኣብዚ ወርሒ ሓምለ ድሕሪ ማይ ኣብ ብዓቲ፡ ነቶም እዝጊ ዝጸልኣሎም ወለዲ ኣርዲኦሞም“፡ ይብሉ።

እሞ እዚ ድዩ እቲ ንልዑላውነት ሃገር ዝሓሊ መንግስቲ? ጽባሕ ንግሆ እዚ መንግስቲዚ ክምሰለኡ እዩ ኢሉ ዝሓስብ ኤርትራዊ እንተሎ ግን፡ ማይ ሓቑንካ ካብ ማይ ልኻይ ምውጻእ ጥራይ እዩ።

እቲ እከይ ሜላ ህግዲፍ ከኣ፡ ፍርዲ ዘይብሉ ክሲ፡ ማለት ረታዒ ተረታዒ ዝኾነሉ፡ ተረታዒ ከኣ ረታዒ ኮይኑ ዝወጸሉ፡ <u>ፍሉይ ወይ ከኣ ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ምስመስረተ እዩ።</u> ዕማማት እቲ ቤት ፍርዲ ህግሲፍ እንብኣር ነዚን ወዲ ከምዝን ንምፍጻም ጥራይ እዩ። ስድራ ቤት ስውኣት ጉዳይ ደቆም ዘየተንግሮም ደንጎሎ ከይድኩም ሕተቱ ዝብል ቤት ፍርዲ፡ ክጣየሱን ምምሕያሽ ናብራኦም ዝሓቱ ተጋደልቲ ነበር፡ ተኣሲሮም ሃለዋቶም ዘይፍለጥ ዝፈርድ ቤት ፍርዲ፡ መዝነት ላዕለዎት ወታሃደራዊ ሰበስልጣናት፡ ልዕሊ ሕጊ ገሩ ዝፈርድ ቤት ፍርዲ ህግዲፍ'ዩ።

ብዙሓት ብፖለቲካ ዝፈላሰፉ ተመራመርቲ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራ ክንበዩ ከለው፡ “ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ናይ'ዚ ኵሉ ረቂቕን ስዉርን ስልቲ'ዚ፡ ኤርትራ ብቑጠባን፡ ሰብኣዊ ሓይልን፡ ዕንወት ባህልን መንነትን ምስላሕለሐት፡ ራእዱን ዊንታን ትምኒትን ህዝባ ኮሊፍካ፡ ብቐስብ ብዘይ ድልየት ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ “ኣዲኣ ኢትዮጵያ“ ምቑራን ጥራይ ዘይኮነ፡ ካባኡ ዝኸፍአ ግዳይ ዓለምለኻውነት (ግሎባላይዘሽን) ንኽትከውን ዝፍሓስ ዘሎ ረቂቕ ፍሕሶ እዩ“፡ ይብሉ።

ልክዕ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ሓደ ብዙሕ ጠንቅታት ኣብዚ ወዲቑዎ ዘሎ፡ ቅኑዕን ንልዑላውነት ሃገርንን፡ ድሕነት ህዝብን ዝሓሊ <u>መሪሕ ወደባት</u> ብምስኣኑ'ዩ። ካብ ኵሉ ግን ፍሹል ስትራተጂ ሒዙ ስለዝተቓለሰ ጥራሕ። ይኹን እንበር ሕጂውን እንተኾነ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ

ተጠቒሶም ዘለው ሽግራት፣ ክፈትሖም እንተድኣ ኮይኑ፡ ሓደ ቅኑዕ ስትራተጂ ዓዲ ኣውጺኡ ብዘይ ተስፋ ምቕራጽ፣ ተባራቢሩ ጸላእቱ ክምክት እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ብሕልፊ ብሕልፊ እኳድኣ፡ ህዝቢ ከበሳ፡ ፍልልያቱ ኣጽቢቡ፡ ነቲ ጥንታዊ ዝሓለፈ፡ ዘኹርዕ ታሪኽ ኣቦታቱን ኣቦሓጎታቱን ዘኪሩን ኣሓዲሱን፡ ንውድባዊ ጽልዋታቱ ጠንጢኑን፡ ንዓቕምታቱ ብግቡእ ጠሚሩን እተሓባቢሩን፡ በብዓዱን ኣውራጃኡ ተኣማሚኑን ኮሪዑን፡ ወኪላቱ ወኪሉን፡ ነቲ "ምስ ብዓል እዚኦምዶ ክንቃለስ" ዝብል ብህግደፋውያን ዝነቕለ ቀቢጸ-ተስፋዊ ዘሙተ፡ ንረብሓ ጸላእቱ ጥራይ ክምዝኾነ ኣለልዩን ተረዲኡን፡ ንኹሉ ሕቶታት ብቑዕ ህዝባዊን ዲሞክራስያዊን ምላሽ ሂቡን፡ ምስቶም ኣብ ኣስመራ ግዳይ ህግዲፍ ኮይኖም ዘለው ደቂ ሃገርን ህዝባዊ ሰራዊትን፡ ምስቶም ኣብ ደገ ዘለው ገና ተስፋ ከይቈረጹ፡ ሓቂ ሒዞም ብሃገሮም ዝሓሙ ደቂ ሃገር ተቓለስትን፡ ኢድ-ንኢድ ተታሓሒዙ፡ ንመሰሉን ንህላዌኡን ክምክት ግዜ ይጠልቦ ኣሎ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ
ዓወት ንተስፋ ዘይቆርጹ ቅኑዓት ተቓለስቲ

ይ ቕ ጽ ል .....